# ነጻ ናይ ኣተኣላልያኹም ገምጋሚ ኦፊሰር



ናይ12ን ልዕሊኡን ዝዕድሚኦም ቆልዑን መንእሰያትን ጽሑፍ

Tigrinya

Kent County Council

እዚ ጽሑፍ ናይ ኬንት ኣውራጃ ምኽሪቤት ናይ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ብዛዕባ ኣተኣኣላልያኹም ዘውጻ መደብን እቲ ነጻ ናይ ግምገማ ኦፊሰር/ከመይ ትእለዩ ከም ዘለኹም ዝግምግም ሰብ ከኣ ነዚ መደብ ምሳኹምን ምሳኹም ዝሰርሑ ሰባትን ኮይኑ ምትግባሩ ዘረጋግጸሉን ዝገልጽ ጽሑፍ ኢዩ።

## ናይ ኣተኣላልያኹም መደብ፡

እዚ ናይ ኣተኣላልያ መደብ ከመይ ጌርኩም ከምትእለዩን እቲ መደብ ኣብ ግብሪ ንኽውዕል እንታይ ክግበረልኩም ከምዘለዎን ብመን ከምዝግበርን ብጽሑፍ ይገልጽ። ብዘይክኡ ንስኹም ካብዚ መደብ እንታይ ከም ትደልዩን እንታይ ክትገብሩ ከም ዘለኩምን ይሕብር።

ናይ ኣተኣላልያኹም መደብ/ውጥን ነዞም ዝስዕቡ የጠቓልል:

- ኣብቲ ትነብርሉ ቦታ መን ከም ዝኣልየኩም
- ኣበየናይ ቤትትምህርቲ ወይ ኮለጅ ከም ትኸዱ፡
- ጥዕናኹም ዝተሓለወ ንኽኸውን ከመይ ጌርና ከምነረጋግጽ
- እቲ ደስ ዝብለኩም ነገራት ከም ስፖርት ዝኣመሰለ ክትግብሩ ከምትኽእሉ ምግባር፡
- ንቤተሰብኩምን ካልኦት ንዓኩም ኣገደስቲ ዝኾኑ ሰባትን መዓስን ከመይን ጌርኩም ከም ትርእይዎም
- ባህልኹምን ሃይማኖትኩምን ከመይ ጌርኩም ክትከታተሉ ከም ትኽእሉ
- ናይ ሕጊ ጉዳያት
- ንመጻኢ እንታይ ከም ዘጋንፈኩም

ብዘይካዚ ናይ ኣተኣላልያኹም መደብ እቲ ዝወጸ መደብ/ውጥን እንተዘይሰሪሑ እንታይ ከምዝግበር ይጠቅስ፡ እዚ ኸኣ ሃንደበት ክመጽእ ዝኽእል መደብ ማለትዩ።

ሶሻል ዎርከርኩምን ማናጀሮምን ነዚ ናትኩም ናይ ኣተኣላልያ መደብ ተሓተትቲ ኢዮም። ብዛዕባ እቲ መደብ ዘለኩም ድልየትን ስምዒትን ብጥንቃቐ ክሰምዕኹም ይግባእ. ወለድኹም እንታይ ከምዝብሉውን ክሰምዑ ኣለዎም፡ ምስ ካልኦት ምሳኹም ዝሰርሑ ከም መማህራንኩምውን ከዛርቡ ኣለዎም።

# ናይ ግምገማኹም ኣኼባ



ረቪው ወይ ገምጋም ማሕበራዊ ኣገልግሎት ንኹሎም ኣብ ትሕቲኦም ዝእለዩ መንእሰያት በብጊዚኡ ዘካይድዎ ኣኼባ ኢዩ. ናይ ግምገማ ኣኼባታት ዝካየዱ ነቲ ናይ ኣተኣላልያ መደብኩም ኣብ ስምምዕ ክብጻሕን ኩሉ ሰብ ከኣ በቲ መደብ ይሰርሕ ምህላዉ ንምርግጋጽ ኢዩ።ኣብቲ ናይ ግምገማ ኣኼባ ብተወሳኺ በቲ ዝተገብሩ ነገራት ኩሉ ሰብ ከምዝዓገበ ድሕሪ ምርግጋጽ ናይ መጻኢ መደብ ይሕንጸጽ።

## ኣብቲ ናይ ግምገማ ኣኼባኹም ዝዕደሙ ሰባት፡

እዚ ኣኼባ ናትኩም ኢዩ። ኣብቲ ኣኼባ ክትርከቡ ኣገዳሲ ኢዩ፡ ኩሉሰብ ከኣ ብዛዕባ ዝውሰኑ ውሳኔታት ዘለኩም ርእይቶ ብጥንቃቀ ክሰምዕ ይግብኦ።

ኣብቲ ኣኼባ ክርከቡ ዝኽእሉ ካልኦት ሰባት:

- ወለድኹም/ኣዝማድኩም
- ዝኣልይኹም ሰባት
- ሶሻል ዎርከርኩም/ዝተሓጋገዝ ሰራሕተኛን
- መምህርኩም
- ናይቶም ዝኣልይኹም ስድራ/ፎስተር ሶሻል ዎርከር
- ናይ ቆልዑት መጉዚት
- ናይ ዝእለዩ ቖልዑ ነርስ ወይ ናይ ቤትትምህርቲ ነርስ
- ነጻ ገምጋሚ ኦፊሰር/IRO ከመይ ትእለዩ ከም ዘለኹምዝሓትት ሰብ
- ካልኦት ምሳኹም ዝሰርሑ ዓበይቲ
- ነጻ በጻሒ እንትለኩም ወይ ከኣ ጠበቓኹም
- ናይ ፎስተር ኣለይትኹም

ብዛዕባ መን ክዕደም ከምዘለዎን ኣብቲ ኣኼባ ክርከብ ዘይትደልዩዎ ሰብ እንተሎን ክትሕተቱ ይግባእ፡ ኣብቲ ናይ ግምገማ ኣኼባኹም ክሕግዘኩም ዝኽእል ሰብ ከተምጽኡ ትኽእሉ ኢኹም።

# እቲ ናይ ግምገማ ኣኼባ ዝካየደሉ ቦታ

እቲ ኣኼባ ዝካየደሉ ቦታ ናይ ምምራጽ ተራ ኣለኩም፡ እቲ ኣኼባ ኣብትነብርሉ ቦታ፡ ኣብ ቤትትምህርትኹም ወይ ከኣ ኣብ ናይ ሶሻል ዎርከርኩም ኦፊስ ክካየድ ይኽእል ኢዩ።

## ኣብ ክንደይ ጊዜ ኢዩ ናይ ግምገማ ኣኼባ ዝካየድ

እቲ ናይ መጀመርያ ናይ ገምጋም ኣኼባ ክትእለዩ ካብ ዝጀመርኩምሉ ኣብ ውሽጢ ኣርባዕተ ሰሙን ኢዩ ዝካየድ፡እቲ ካልኣይ ናይ ግምገማ ኣኼባ እቲ ቀዳማይ ምስ ተገብረ ድሕሪ ሰለስተ ወርሒ ይግበር፡ብድሕሪኡ እንተደኣ ብመንግስቲ ትእለዩ ሃሊኹም ኣብ ሽሽድሽተ ወርሒ ይግበር።

ኣብቲ ናይ ኣተኣላልያ መደብኩም ለውጢ እንድሕር ሃልዩ ወይ ከኣ ንዓኹም ዘይሰርሕ እንተኾይኑ ናይ ግምገማ ኣኼባ ክካየድ ይኽእልዩ ንስኹምውን ኣኼባ ክጽዋዕ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።



## ነጻ ናይ ግምገማ ኦፊሰር(IRO)

ብመንግስቲ ዝእለ ቖልዓ ይኹን መንእሰይ ነጻ ገምጋሚ ኦፊሰር ወይ IRO ኣለዎ።ስርሖም ከኣ፡

- ነቲ ናይ ግምገማ ኣኼባኹም ይመርሑ
- እቲ ናይ ኣተኣላልያኹም መደብ ንዓኹም ዝጠቅም ሙኻኑ የረጋግጹ።
- ኩሉሰብ ነቲ ትብልዎ ክስምዕ ከምዘለዎን ውሳኔ ክውሰን ከሎውን እቲ ትብልዎ ኣብ ግምት ከምዝእትዩ የረጋግጽ
- ኩሉሰብ ንኽዛረብ ዕድል ምሃብ
- ኩሉሰብ ነቲ መደብ ከተግብር ናቱ ተራ ክፍጽም ከምዘለዎ የዘኻኽር
- ንመጻኢ ንጹር ዝኾነ መደብ ምህላዉ የረጋግጽ፡
- ከመይ ጌርካ ጥርዓን ከተቕርብ ከምትኽእል ትፈልጥ ሙኻንካ ይሓትት

ነቲ ናይ ኣተኣላልያኻ መደብ ክግምግም ከሎ እቲ ኦፊሰር እንታይ ጽቡቕ ነገር ከምዝገበርካን/ዝተዓወትካን ወይ ዝኾነ ጸገም ምስዝህልወካ ኸኣ እንታይ ዓይነት ሓገዝ ከም ዘድልየካን ይሰምዕ፡

እቲ ናይ ኣተኣላልያኻ ገምጋሚ ቅድሚ እቲ ኣኼባ ምጅማሩ ንበይንኻ ረኺቡ እቲ ኣኼባ ብዛዕባ እንታይ ሙኻኑ የረድኣካን ትብሎ ነገር እንተሎውን ይሰምዓካ፡ ኣብዚ ኣኼባ ብዛዕባ እንታይ ክዝረብ ከም ትደልን ዘይትደልን ክትነግር ከኣ ዕድል ይህልወካ።.

## ኣብቲ ናይ ግምገማ ኣኼባኻ ክትርከብ

ብዛዕባ መጻኢኻ  ኣብ ዝውሰነሉ ጊዜ ክትካፈል ይግብኣካ።. ኣብቲ ኣኼባ ምዝራብ እንድሕር ደኣ ዘሰክፈካ/ዘሻቕለካ ኾይኑ ትኣምኖ ሰብ ክዛረበልካ ይኽእል ኢዩ።. እቲ ኣኼባ ስጋዕ ዝውዳእ ክትጸንሕ ግድን ኣይኮነን፡ ዕረፍቲ እንተደኣ ደሊኻውን ክትሓትት ትኽእል ኢኻ. ነዚ ንኽግበርውን ነቲ ዝኣልየካ ሰብ ወይ ንሶሻል ዎርከርካ ወይውን ነቲ ናይ ግምገማ ኦፊሰር ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።.

ዝኾነ ዘድልየካ ነገር ከም ተርጓማይ ወይ ናይ መራኸቢ ኣቕሑት ክቕረበልካ ኣለዎ።

ኣብቲ ብዛዕባ ኣተኣላልያኻ ዝግበር ኣኼባ ክትከይድ እንተዘይደሊኻ ንዝኣልየካ ሰብ ወይ ሶሻል ዎርከርካ ወይ ንኻልእ ትኣምኖ ሰብ ንገር፡ ኣብ ክንዳኻ ኾይኑ እቲ ገምጋማይ ርእይቶኻ ንኽቕርብ ድልየትካ ብጽሑፍ ስደደሉ።

## ናብቲ ናይ ግምገማ ኣኼባኻ ዝግበር ምድላዋት

ቅድሚ እቲ ኣኼባ ምግባሩ ርእይቶኻ ተስፍረሉ ወረቐት ክወሃበካ ኢዩ ንስኻውን ነቲ ክዝረበሉ ትደልዮ ነገራት ሊስታ ብጽሑፍ ወይ ብ ቴክስት ከተዳሉ ትኽእል ኢኻ. ነቲ ኣኼባ ብምሉኡ ወይ ብከፊሉ ክትመርሖ እንተደሊኻ ሶሻል ዎርከርካ ወይ ከኣ እቲ ነጻ ገምጋሚ ኦፊሰር ክሕግዙኻ ይኽእሉ ኢዮም።

## ድሕሪ ናይ ግምገማ ኣኼባ

እቲ ሶሻል ዎርከርካ ወይ ዝኣልዩኻ ሰባት ወይ ድማ እቲ ነጻ ገምጋሚ ድሕሪ እቲ ኣኼባ ምሳኻ ብምዝርራብ ኣብቲ ኣኼባ እንታይ ከም ዝተዘርበን እንታይ ዓይነት ውሳኔታት ከም ዝተሓላለፉን ይሕብሩኻ፡ እንተደኣ ንስኻ ዘይትሰማምዓሎም ውሳኔታት ሓሊፎም ከኣ ንምንታይ ከምዚ ዓይነት ውሳኔ ምሕላፍ ከምዘድለየ የረድኡኻ።



# ጥርዓን ወይ መሰማዕታ ምቕራብ

ምስቲ ኣብቲ ኣኼባ ዝተወሰነ ውሳኔታት እንድሕር ዘይተሰማሚዕካ ነቶም ዝኣልዩኻ ሰባት ወይ ነቲ ሶሻል ዎርከርካ ወይ ከኣ ነቲ ናይ ኣተኣላልይኻ ዝግምግም ሰብ ከተዛርብ ትኽእል ኢኻ።ድሕሪ እዚ ሕጂውን እንተደኣዘይዓጊብካ ኸኣ ክትጠርዕ ትኽእል ኢኻ።

**ጥርዓን ንምቕራብ ወይ ከኣ ንተወሳኺ ሓበሬታ ነዞም ዝስዕቡ ተወከስ:**

**ነጻ ናይ ግምገማ ኣገልግሎት:**

North/West Worrall House
30 Kings Hill Avenue
West Malling ME19 4AE

Tel: 03000 421543
email: IROServiceNW@kent.gov.uk

- South/East

Brook House
Reeves Way, John Wilson Business Park
Whitstable CT5 3SS

Tel: 03000 421544
email: IROServiceSE@kent.gov.uk

Advocacy and Independent Visitor Service:

**ናይ ጥብቅናን ነጻ በጻሕትን ኣገልግሎት**

- **ናይ ንኣሽቱ ሕይወታት ትካል**/Young Lives Foundation

71 College Road
Maidstone ME15 6SX

Tel: 01622 683815
email: advocacy@ylf.org.uk